## መዝገብ ኣገደስቲ ሓቅታት : Canada Child Benefit

ናይ ካናዳ ቻይልድ በነፊት Canada Child Benefit (CCB) ማለት፡ ግብሪ ዘይክፈሎ ማጠን ወርሓዊ ንዝምልከቶም ስድራቤታት ዝወሃብ ክፍሊት ኮይኑ ንትሕቲ 18 ዓመት ቆልዑ ንምዕባይ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ።

ካብ ሓምለ 2016 ጀሚሩ እዚ CCB ነቲ ብ ካናዳ ቻይልድ ታክስ በነፊት Canada Child Tax Benefit (CCTB)፣ ናሽናል ቻይልድ በነፊት ሳፕሊሜንት National Child Benefit Supplement (NCBS)፣ ከምኡውን ንዩኒቨርሳል ቻይልድ ኬር በነፊት Universal Child Care Benefit (UCCB) ይትክኦም። እንተደኣ CCTB ወይ UCCB ትቕበሉ ኔርኩምነ ዚ ሓድሽ CCB ከተመልክቱ ኣየድልየኩምን እዩ። ብቐጥታ ናብዚ ሓድሽ ኣገባብ ክሰጋገር እዩ።

### ተጠቀምቲ ንኽትኮኑ፣ እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ኩሎም ክማልኡ ኣለዎም፥

- ምስቲ ቆልዓ ክትነብር ክትክእል ኣለካ፣ እቲ ቆልዓ ድማ ትሕቲ 18 ዓመት ክኸውን ኣለዎ፡
- ነቲ ቆልዓ ንምዕባይን ንምንክብኻብን ቀንዲ ሓላፍነት ዘለካ ሰብ ክትከውን ኣለካ። ብዛዕባ ትርጉም ማሰረታዊ ክንክን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ካናዳ ረቨንዩ ኣጀንሲ[Canada Revenue Agency (CRA)](https://www.canada.ca/en/revenue-agency.html) ዝብል ጽሑፍ ኣንብብ።
- ነባሪ ናይ ካናዳ ክትከውን ኣለካ፡ ብተወሳኺ
- ንስኻ ወይ መጻምድትኻ ወይ ሕጋዊ መናብርትኻ ናይ ካናዳ ዜግነት ዘለዎ፣ ናይ ነባርነት ፍቓድ ዘለዎ፣ ዑቑብ ሰብ፣ ወይ ጊዜያዊ ነባሪ ኮንካ ኣብ ካናዳ ልዕሊ 18 ኣዋርሕ ዝተቐመጥካ ክትከውን የድሊ።

### ንኸተመልክት፥

ቅጥዒ RC66, Canada Child Benefits Application ክምላእ ኣለዎ።

ኣብ ቀረባ እዋን ዝመጹ ስደተኛታት ንድፊ [RC66SCH, Status in Canada/Statement of Income](https://www.canada.ca/en/revenue-agency/services/forms-publications/forms/rc66sch.html) ክመልኡ ኣለዎም።
*እቲ ቆልዓ ልዕሊ ሓደ ዓመት እንተኾይኑ፣ ወይ ኣብ ካናዳ ዘይተወልደ እንተኾይኑ፣ ናይ ውልድነት መረጋገጺ ከተሰንይ ኣለካ። ንዝርዝራዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ቅቡላት ሰነዳት ኣብ ክፍሊ 4 ናይ ቅጥዒ [RC66](https://www.canada.ca/en/revenue-agency/services/forms-publications/forms/rc66.html) ተመልከት።

ነቶምቕጥዕታት ሓንሳብ ምስ ኣማላእካዮም፣ ነቲ ሓበሬታ ናብ ማእከል ግብሪ ናይ ከባቢኹምለኣኮ። ዝርዝር ናይ ቦታን ኣድራሻን ኣብዚ ዝስዕብ ይርከብ፥ www.cra-arc.gc.ca/bnfts/ddrss-eng.html.

ብኻልእ ኣገባብ፣ ነዚ ዝሓለፈ ዓመት ግብሪ ኣብ ካናዳ እንተኔርካ፣ ብኤለትሮኒካዊ ኣገባብ ኣብዚ ዝስዕብ ዌብሳይት ናይ CCB ከተመልክት ትኽእል፥ : www.cra-arc.gc.ca/myaccount/index.html.

ብኽብረትካ ኣስተውዕል፥ ነዚ ማመልከቻ ንምምላእ ናይ ግብሪ ግምግማ**ኣየድልን** እዩ። እቲ RC66SCH ናይ'ቲ ስድራቤት እቶት ንምግምጋምእዩ ዘገልግል። እንተኾነ ግን፣ ረብሓታት ክትረክብ ንኽትቅጽል፣ ውልቀሰባት ኩሉ ናይ መጻኢ ናይ ግብሪ መዝገቦምኣብ ፋይል ከመዝግብዎ ኣለዎም። እዚ ንሕሳብ ይጥዕም። ግብሪ፡ ካብታ ዝኣተኻላ ዕለት ጀሚርካ ዓመታዊ ፋይል ክትገብሮምይግብኣካ፣ በዚ ድማ ናይ CCB ረብሓታት ቀጻልነት ይህልወካ።

### ንኽዳሎ ዝወስደሉ ጊዜ

CRA ነቲ ኣመልካቲ ፣ድሕሪ ነቲ ማመልከቻ ምቕባሉ፣ ካብ 80 መዓልታት ኣብ ዘይበዝሕ ጊዜ ከፍልጦ ትጽቢት ይግበር። ኣብ ውሽጢ 80 መዓልቲ ናይ ማመልከቻኻ መረጋገጺ እንተዘይተቐቢልካ ፣ ናብ CCB

ደዊልካ ሕተት። እቲ ማሜልከቻ ምስ ተራእየ፣ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ከምትቕበል ዝገልጽ ሓበሬታ ካብ CCB ብጾስጣ ክለኣኽልካ እዩ። እቲ ናይ CCB ክፍሊት፣ ዘባውን ከባብያውን መደባት ዘጠቓልል ኮይኑ ወርሓዊ ወይ ብጾስጣ ወይ ብቐጥታ ናብ ሕሳብካ ይኣቱ። ምር ብዘሕትኡ ጊዜ ፣ እታ ቀዳመይቲ ቼክ ክሳብ ትበጽሓካ ናይ 3 ወርሒ ጊዜ የድሊ። እዚ ድማ ድምር ናይተን ክትክፈለን ዝግበኣካ ዝሓለፋ ኣውርሕ ብጠቕላላ ይሜጻካ። እንተኾነ ግን፣ CRA ማሜልከቻ ካብ ዝቕበል ናይ ዝሓለፋ 11 ኣዋርሕ ጥራይ ይኸሕስ። ስለዚ፣ ቀልጢፍካ ከተሜልክት ኣገዳሲ እዩ።

## ኣገዳሲ ሓበሬታ ንጉዳያት ጆይንት ኣሲስታንስ ስፖንሶርሺፕ -Joint Assistance Sponsorship (JAS)

እቲ ሪሰትልመንት ኣሲስታንስ ፕሮግራም **Resettlement Assistance Program (RAP)** ፣ እተን ስድራቤት ንመጀኢ ክቕበልዎ ዝኽእሉ ሓገዛት፣ ኣብቲ ዝጽበዩሉ ጊዜ ምስቲ ዝህብዎም ቼክ ደሚሮም ክኸፍልዎምእዮም። እንተኾነ ግን፣ ሓንሳብእቲ ስድራቤት ቀዳመይቲ ክፍሊት ቼክ ነተን ዝሓለፋ ኣዋርሕ ደሚሩ ብሓንሳብ ካብ CCB ምስ ዝቕበል፣ እቲ ስድራቤት ን RAP ካብቲ ማጠን ናይ CCB ናይ ዝሓለፈ 3 ወርሒክኸፍል ይግባእ። ነቶምሓደሽቲ ዝሜጹ እዚ ሓበሬታ እዚ ምክፋል ኣገዳሲ እዩ፡ ሜታን ባጀቶም ተዳልዮምሉ ክጸንሑ።

## ዘባዊ ረብሓታት

CRA ነዞም ዝስዕቡ የሜሓድሮም፡ Alberta Family Employment Tax Credit, ን BC Family Bonus, ን New Brunswick Child Tax Benefit, ን Newfoundland and Labrador Child Benefit, ን Northwest Territories Child Benefit, ን Nova Scotia Child Benefit, ን Nunavut Child Benefit, ን Ontario Child Benefit, ከምኡውን ን Yukon Child Benefit. **ነዞም ሓገዛት ንምርካብ ብቑዕ ንኽትከውን፣ ፍሉይ ማምለከቻ ኣየድልየካን እዩ።** CRA ነቲ ካብ ማሜልከቻ ናይ CCB ብዝረኸቦ ሓበሬታ ነዞምመደባት ይፍቀደካ እንተኾይኑ ክውስን እዩ።

## ካልኦት ረብሓታት

### ምንካይ ወጻኢታት መዕቢዩ ቆልዓ፡

ብውልቂ ዝተመወሉ ስደተኛንታት (PSRs) ናብዚ ከሜልክቱ ይኽእሉ እዮም፡ ነቲ ቆልዓ ዝኣሊ ሓደ ሰብ ጥራይ ምስ ዝኸውን። ወጻኢታት ሜዕበዩ ቆልዓ ንሓደ ሰብ ዝኸፈሉ ሜታን እቲ ሰብ ነዞም ዝስዕቡ ክገብር ንክኽእል እዩ፥

- ተቖጺሩ ኣታዊታት ንምርካብ;
- ብውልቁ ወይ ብጉጅለ ንግዳዊ ንጥፈት ከካይድ፡
- ትምህርቲ ንክመሃር (ኣብትሕቲ"ትምህርታዊ መደባት" ዝብል ኩነ ት ዘሎዝርዝር);
- ምርምር ምክያድ ብዘዕባ ተማሳሳሊ ዕዮ፣ ናይቲ ዝተዋህበ ምዉላ ንምምላእ.

ክፍሊት ናይ ወጻኢታት ሜዕበዩ ቆልዑ ናብዚ ክለኣኽ ይግብኦ፥ :

- ነቲ ቆልዓ ዝከናኸኑ ኣካላት፡
- ናይ መዓልቲ መዋእለ-ህጻናትን ሜናበዩ ህጻናትን፡
- ትምህርታውያን ትካላት፣ ነቶምኣገልግሎት ክንክን ቆልዓ ኣብ ዝትክፉ ክፍሊታት
- ናይ መዓልቲ ካምፕን ናይ መዓልቲ ቤትትምህርታት ስፖርት እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ንክንክን ቆልዕእ ምስ ዝኸውን( ሓደ ምዱብ ስፖርት ትምህርቲ ዝህብ ትካል ናይ ስፖርት ቤትትምህርቲ ኣይኮነ ን)፡ ወይ
- ቦርዲንግ ቤት ትምህርታት፣ ናይ ለይቲ ቤት ትምህርቲ ስፖርት፣ ወይ ኣሕደርቲ ካምፕታት።

## እቲ ናይ Goods and Services Tax/Harmonized Sales Tax (GST/HST) ለቓሕ

እዚ GST/HST ለቓሕ ግብሪ ዘይክፈሉ ርብዒ ዓመታዊ ክፍሊት ኮይኑ ንውልቀሰባትን ስድራቤታትን ትሑት ወይ ምጡን እቶት ምስ ዝህልዎምነ ቲ GST ወይ HST ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ንኽስረዘሎም ይግብር።
ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ለቓሕ GST/HST ኣብዚ ተመልከት:
www.cra-arc.gc.ca/bnfts/gsthst/menu-eng.html

**ማእከል ግብሪ**

**Winnipeg Tax Centre**
PO Box 14005 Stn Main
Winnipeg, MB, R3C 0E3
ተሓታትቲ ናይ: Alberta, Manitoba, London-Thunder-Bay-Windsor (ON), Saskatoon (SK)

**Surrey Tax Centre**
9755 King George Highway
Surrey, BC, V3T 5E1
ተሓታቲ ናይ: British Columbia, Regina (SK), Yukon

**St. John's Tax Centre**
PO Box 12071 Stn A
St. John's, NL, A1B 3Z1
ተሓታቲ ናይ: New-Brunswick, Newfoundland and Labrador, Nova-Scotia, Kingston-Peterborough-St-Catherine’s (ON)

**Shawinigan-Sud Tax Centre**
PO Box 3000 Stn Main
Shawinigan-Sud, QC, G9N 7S6
ተሓታቲ ናይ: Nunavut, Ottawa-Sudbury (depending on postal code) (ON)

**Sudbury Tax Centre**
PO Box 20000 Stn A
Sudbury, ON, P3A 5C1
ተሓታቲ ናይ: Barrie-Sudbury (depending on postal code)-Toronto (ON)

**Summerside Tax Centre**
102-275 Pope Road
Summerside, PE, C1N 5Z7
ተሓታቲ ናይ: Belleville-Hamilton-Kitchener/Waterloo (ON), Prince-Edward Island

Refugee Sponsorship Training Program
ቴሌ: 416.290.1700, 1.877.290.1701
ፋክስ: 416.290.1710
ኢመይል: info@rstp.ca, ዌብሳይት: www.rstp.ca

መወዳእታ ዝተማሓየሸሉ: ታሕሳስ 2016